# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 26 ዓመት ቁ.273 ሰንበት 16 ሓምለ 2017 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 "... ክትነብሪ ኣይደልየክን እየ ..."




ገጽ 3 "ዘይሓሰብኩዎ ርኹብ ..."



ገጽ 4 ገያሺት ልቢ



ገጽ 6 ኣጉዒ




ገጽ 7 ዓሊ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ...




# መበል 30 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎትን 8ይ ኮርስ 'ማሞስ'ን ብልዑል ማዕርግ ተመሪቖም





ስነ-ስርዓት መመረቕታ መበል 30 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎትን 8ይ ኮርስ ማእከል ሞያዊ ስልጠናታትን ትማሊ 15 ሓምለ ኣብ ሳዋ ብልዑል ማዕርግ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ኣመሓደርቲ ዞባታት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍን ሃገራውያን ማሕበራትን ከምኡ'ውን ወለዲ ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደብሳይ ግደ፡ ንመደባትን ወጽኢትን መበል 30 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብዝምልከት ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ተመረቕቲ ንዓመት መመላእታ ኣብ ዝተዋህቦም ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ፡ ብዝምጉም ኣሰታት 77 ሚእታዊት ብምምዝጋብ ብዓወት ከም ዝዛዘሙዎ ገሊጹ። ኣብ ቀጻሊ ገዛእ ሰራሕን ትምህርትን ክዕቅብዎ ድማ ኣዘኻኺሩ።

ዳይረክተር ማእከል ሞያዊ ስልጠናታት ኣቶ ተስፋይ ተወልደ እውን ኣብ 8ይ ኮርስ ንዝተዋህበ ስልጠናታትን ወጽኢቱን ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ተመሃሮ ንክልተ ዓመታት ኣብ 11 ዓውድታት ሞያ ንዝተዋህቦም ስልጠና ብዓወት ዛዚሞም - ንመመረቕታ ብምብጻሖም የሓጎሱ ድሕሪ ምግላጽ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ዘርኣያኦ ልዑል ብቕዓትን ተወዳድርነትን ሞጎሱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ንፍርቂ ዘመን ዝዓለወ ዝተወጽዐን ዝተኸልፈን ልምዓትን ዕብየትን ኣምሊሱ፡ ንዘላቒ ርግኣትን ራህዋን ሃገር፡ ፍልጠት፡ ሞያን ፍናንን ዝዓጠቐ ወረሲ ወለዶ ምኽሳቡ፡ ካብ ቀንዲ ዕላማታት ሃገራዊ ኣገልግሎት ምዃኑ ኣዘኻኺሩ። ክበጽሕ እንኽእል ሕጂ ዘለዎ ደረጃን ርኢኻ ዘሎ ፍልልይ - ዓቢ'ኳ እንተኾነ፡ ክንድ'ቲ ዝተቐየሰ ዕላማ ንክኸይድ፡ ሞያውን ኪነታውን ስልጠናታት ንምምዕባል ዝተኣታተወ ፕሮግራማት ሞያዊ ስልጠናታት፡ ናብ ዝበለጸ ስርዓት እናማዕበለ ይኸይድ ምህላዉ ከኣ፡ ዓቢ ሃገራዊ ልምዓታዊ መኽሰብ ከም ዝኾነ ኣገንዚቡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ መደባት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ሞያዊ ትምህርትን ስልጠናታትን ጸብለልታ ዘርኣዩ ተመሃሮ፡ ከምኡ'ውን ኣብኡታውያን መማህራን፡ ኣለይትን ኣሃዱታትን፡ ካብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ካልኦት ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ሜዳልያን ካልእ ሽልማትን ተቐቢሎም።

እቲ ስነ-ስርዓት፡ ተመረቕቲ መበል 30 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብዘቕረብዎ - ንዝቐሰምዎ ስልጠና ዘንጸባርቕ ምርኢትን ብባህላዊ ማሰናድኦታትን ተሰንዩ ነይሩ።

ተመረቕቲ ኣብ መወዳእታ፡ ንወፋይ ሰራሕ ቃለ-ማሕላ ፈጺሞም።



ስ/ኣኽሊሉ ዘርኣዝጊ